# ምስ ኣቶ ኢማም ኣቡበከር ዝተገብረ ቃለ-ማሕተት

ምስ ኣቶ ኢማም ኣቡበከር ዝገበርናዮ ቃለ-ማሕተት ኣብ ዝሓለፈ ግዝያት ብክልተ ክፋል ብረድዮ ምቅላሕና ዝዝከር ኮይኑ፡ ሕጂ ድማ እነሆ ናብ ጽሑፍ ገልቢጥና ንዝርገሖ ኣለና ሰናይ ንባብ!

ክቡር ጋሻና ስምካን ሓጺር ናይ ሂወት ታሪኽካን ዝመጻእካሉ ቦታን ንሰማዕትና እንተተላልየልና?

ኣነ፡ ኢማም ኣቡበከር እበሃል፡ ምቕማጠይ ኣብ ታንዛኒያ'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ቃልሲ ዝተሰራዕኩሉ ብ1966 ዓ.ም.ዩ። መሬትና ኣስላማይ ከይበለት ክስታናይ ከይበለት ኣውራጃን ዓሌትን ከይፈለየት ናይ ኩሉ ደም ወሲዳ፡ ብደምና ድማ ዓወት ተጎናጺፍና። ግን ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ድሕሪ ነጻነት ብሸፋቱ ተጠምዚዛ ከይዳ እዚኣቶም ተጋደልቲ ክበሃሉ ብሓቂ ይኸብድ'ዩ። ናይ መሬት ነጻነት ኣይኮነን ዝደሊ ህዝብና እንታይ ደኣ ነብሱ ባዕሉ ዝውንነሉ ዝመርሓሉ'ዩ ዝደሊ። ንሳቶም ግን ብመሬት እንዳመኽነዩ ኣብ ባርነት ኣውዲቐሞ ይርከቡ ናይ ብሓቂ ድማ ዘሕዝን'ዩ። እንተኾነ ግን መን ምዃኖም መንነቶም ህዝቢ ፈሊጥዎም ኣሎ። ካብ'ቲ ዝሓለፈ ዝኸፍአ ግፍዕታት'ዮም  ገይሮም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ። ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ኣታሊሉ ኣብ እሾኽ'ዩ ኣውዲቕዎ። ምኽንያቱ ወኪል ናይ ከበሳ ክመስል ግን ከኣ ዘይኮነ፡ ወኪል ናይ ክርስትያን ክመስል ግን ከኣ ዘይኮነ፡ ንህዝቢ ኣዋሪድዎ'ዩ። ቀዳማይ ጸላኢና ሎሚ ህግደፍ ምዃኑ ማንም ሰብ ኣይስሕቶን'ዩ። ኣነ ሎሚ ዓገብ ክብል ዝኽእል ህዝቢ ከበሳ ልቢ ክገብር ኣለዎ። ፈታዊኡን ጸላኢኡን ብልክዕ ክፈልጥ ኣለዎ። ሓደ ስርዓት ብስምዒት ጥራሕ ኣይድገፍን'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ደም ደቅናዩ ዘፍሰሰ ዘሎ ደቅናዩ ዝቐትል ዘሎ፡ ስለዚ ሰብ በእምሮኡ ክሓስብ  ኣለዎ ደድሕሪ መለኸቲ ምኻድ ከብቅዕ ኣለዎ። ካብ'ዚ ኣብ ሃገርና ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ጭፍጨፋ ግፍዒ ዝኸፍእ ኣብ ዓለም ኣይተራእየን። ስለዚ ይኣክል በሉ ፍርሒ ድማ ግደፉ ካብ ፍርሒ እንተዘይወጺእና ጸገም ክመጽእ ናይ ግድን'ዩ። ሓቢርና ክንምክቶ ከም ዘለና ክንርዳእ ኣለና። ምስ ኩለን ጎረባብትና ኣሕዋት ኢና ንሕና፡

ሕቶ፡ ኣቶ ኢማም ካብ 1966 ጀሚርካ ትቃለስ ከም ዝጸናሕካ ገሊጽካለይ፡ እንታይ ክትረክብ፡ ኤርትራ እንታይ ክትከውን ኢኻ ትምነ ነይርካ?

ኢማም፡- ካብ'ቲ ዝነበረ መግዛእቲ ወጺእና ኤርትራ ነጻ ኮይና፡ ናይ ህዝባ መሰላት ተሓልዩ ካብ ድኽነት ወጺኣ ኣብነት ክትከውን ንጎረባብታ ትምኒት ነይሩኒ። ግን እዚ ቅዱስ ትምኒት'ዚ ብህግደፍ ተሰሪቑን ንድሕሪት ተመሊሱን'ዩ። እዚ ኩሉ ውጹዕ ኤርትራዊ ዝሪኦን ዝሳቐየሉን ዘሎ ሓቂ'ዩ። ኣብ'ዚ ዝያዳ ክልብሙ ዘለዎም እቶም ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ዘለው ወተሃደራት ኣሕዋቶም ካብ ምስቓይን ምቕታልን ክቑጠቡ ኣለዎም ተኣዚዝና ኢና ዝበሃል ምኽንያት ቅቡል ኣይኮነን፡ ጽባሕ ዘተሓትት ከም ዝኸውን ክርድኡ ኣለዎም። ተጋዳላይ ክበሃል እንከሎ ምእንቲ መሰሉን ምእንቲ ህዝቡን ስለ ዝቃለስ ቅተል ተባሂሉ ኣይቀትልን'ዩ። ሕረድ ተባሂሉ'ውን ኣይሓርድን'ዩ ስለዚ ለብሙ።

ሕቶ፡- ብርግጽ ከምቲ ዝበልካዮ ክኾነልና ዝነበረና ትጽቢት ሃገር ነጻ ኮይና ሰላም ደሞክራሲ ፍትሒ ክነግስ፡ ስለዚ ከኣ፡ ናብ ናይ ምዕባለ ጎደና ክንምርሽ'ዩ ነይሩ እዚ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ እቲ መንግስቲ ጥራሕ ድዩ ዝወቀስ ወይስ እቲ ህዝቢ ናቱ ብጽሒት ኣለዎ'ዩ?

ኢማም፡- እቲ ስርዓት ተበላጺ ስርዓት ስለ ዝኾነ ነቲ ህዝቢ ኣብ ቤት ማእሰርቲ'ዩ ኣእቲይዎ። ኣብ ትሕቲ መቑሕ ናይ ህግደፍ'ዩ ኣትዩ ዘሎ። ክንደይ'ዩ ናብ ሱዳን ተሰዲዱ ክንደይ'ዩ ናብ ኢትዮጵያ ተሰዲዱ ክንደይ ከኣዮም ኣብ ባሕሪ ዝጥሕሉ ዘለው፡ ክንደይ ድማ'ዮም ኣብ በረኻ ሲና ጸበባ

ዝረኸቡ ዘለው። እዚ ዘርእየና ነገር እንተሃለወ እቲ ኩነታት ገንፊሉስ ሰብ ድማ ከም ሓደ ኣማራጺ ወሲዱ እግሩ ናብ ዝመርሖ ይሃድም ኣሎ። ክሳብ መዓስ'ዩ ግን ክሓድም ንቕድሚት ጥራሕ ምኻድ መፍትሒ ኣይኮነን። መፍትሒ ጸገምካ ኣብ ኢድካን ኣብ ሃገርካን'ዩ ዘሎ ስለዚ ድሕሪት ምልስ ኢልካ ጠምት፡ ከም'ቲ ትምኒት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ዘሎ ጸላኢ ከተፍርሶ፡ ምስ ኩሎም ጎረባብትናን ኣሕዋትና ብሰላም ብፍቕሪ ብልምዓት ክንነብር'ዩ እቲ ትምኒት ነይሩ፡ ሕጂ ድማ ነዚ ከነረጋግጽ ኣለና፡ ህድማ መፍትሒ ኣይኮነን ተመራጺ ኣይኮነን።
ሕቶ፡ ሓደ መንግስቲ ብዕልዋ ኣቢሉ ክመጽእ ይኽእል'ዩ። ቅኑዕ ይኹን ኣይኹን ብመንገዲ ምርጫ ኣቢሉ'ውን ክመጽእ ይኽእል'ዩ። ኣብ ኤርትራ ገለ ውሑዳት ህግደፍ ነጻነት መሪሑ ዝመጸ ስለ ዝኾነ ክመርሕ ዘለዎ ንሱ'ዩ ዝብሉ ወገናት ኣለው ኣብ'ዚ ዘለካ ርእይቶ እንታይ'ዩ?

ባቡርሲ ርእሲ ድያ እታ ትኸይድ ወይስ እተን ባጎነታት'የን ዝኸዳ? ርእሲ ገዲፍና ናብ ባጎኒታት ክትከይድ ናይ ጥዕና ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ኣብ ባጎኒ ዝሰቀል ብዙሕ'ዩ፡ እታ ቀንዲ ግን ነታ ርእሲ ዘንቀሳቕስ ዝመርሕ'ዩ። ግዝያዊ ሓይሊ ስለ ዝረኸብካ ታሪኽ ከም ድሌትካ ክትገላብጥ ነጻነት ዘምጻእኩ ኣነየ ክትብል ካብ ሓቂ ዝረሓቐ'ዩ።

ሕቶ፡ ናይ'ቶም ኣብ ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ሰበስልጣናት ዝፍጸሙ ዘለው ግዕዝይናታት ብቐንዱ ተሓታትነት ዘለዎ ሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዘይምህላው'ዩ ዝብሉ ወገናት ኣለው፡ ቀዳማይ ጠንቂ ንሱ ድዩ? እቲ ጉዳኣት ናይ ሕጊ ሃጓፍ ብምህላውዩ ክንብል የኽእለና'ዶ?

ኢማም፡ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ካብ መዓስ ሕጊ ነይርዋ ይፈልጥ? ናቱ ግሩፖ ኣለው ዝተዓሰቡ ሰባት ኣለው ምስኡ። እዚኣቶም ሽፋቱ'ዩ'ዮም ብኡ ዝኸዱ'ዮም ብኦም ገይሩ'ዩ ዝረገጾ ነቲ ህዝቢ። ስለዚ'ሲ ኣየናይ ሕጊ ደሞክራሲ ፍትሒ ይፈልጥ፡ ተኣሲሩ ዝወጽእ ስብ'ኮ የለን። ክንደይ ኣብያተ ማእሰርቲ'ዩ ዘሎ? ክንደይ ንጹሃት ሰባት'ዮም ኣብኡ ዝሞቱ ዘለው እዚ ንፈልጦ ኢና፡ ግን ጽባሕ ንግሆ ክሕተቱ'ዮም ኣይኮነን ኢሳያስን ጭፍርኡን እቲ መላይን ኣለኒ ኢሉ ዝምካ ከም ናይ ኣፍሪቃ ንጉስ ንነብሱ ዝፈልጥ ዝነበረ ቃዛፊ ከማን ከይዱ፡ ንሕና እንተደኣ ሰሚርና ሓደ ኮይና እመነኒ ነዊሕ ኣይጸንሕን'ዩ ኣብ ቀረባ ነበረ ክኸውን'ዩ።

ሕቶ፡ እቲ መንግስቲ ህዝቢ ንምግዛእ ዝጥቀመሉ ሜላ ኣድኪኻን ከፋፊልካን ግዛእ ዝብል'ዩ። ኣብ ሓደ እዋን ኣንጻር ምስልምናን ፈታዊ ክርስትናን መሲሉ ይቐርብ ኣብ'ቲ ካልእ እዋን ድማ ኣንጻር ክርስትናን ፈታዊ ምስልምናን መሲሉ ይቐርብ ኮታ መልከዓቱ እንዳለዋወጠ'ዩ ዝገዝእ ዘሎ፡ እዚ ከመይ'ዩ ክምከት ዘለዎ ህዝቢ እንታይ ክገብር ኣለዎ?

ኢማም፡ መፍትሒኡ ቃልሲ'ዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ኩሉ ብወገን ብኣውራጃ ብሃይማኖት ዝገብሮ ዘሎ ጸወታ ተፈሊጡ'ዩ። ቅድም ክብል ገለ ገለ ዕላላት ነይሩ'ዩ እታ ሓለንጊ ናይ ህግደፍ ግን ኣብ ህዝበ ክርስትያን'ያ ወሪዳ። እዚ ካብ 1973 ምንቅስቓስ መንካዕ ክሳብ ናይ ጉጅለ 15 ዝሕረድ ዘሎ ክርስትያን ኣሕዋትና'ዮም፡ ደም ናይ ክርስትያን ኣሕዋትና ድማ የገድሰና'ዩ። ይኣክል ከበሮ ይኣክል ሳዕስዒት ነዚ መደናገሪ ሓቢርና ንመክቶየ ዝብል።

ሕቶ፡ ኣቐዲምካ ከም ዝገለጽካዮ ምስ ኩሎም ጎረባብትና ባዕሉ ጽልኢ ፈጢሩ ጸላእትና ኣምሲሉ ብምቕራብ ብናይ ፕሮፖጋንዳዊ ደሮና ክዕብልኸናዩ ዝረአ ዘሎ፡ ንብዙሕ ዓመታት'ውን ብከምኡ ከይዱ'ዩ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ደገፍቱ በዚ ምኽንያት ገይሮም ነጻነትና ደም ከፊልና ዘምጻእናዮ'ዩ መሬታዊ ልዑላውነትና ልዕሊ ዝኾነ የገድሰና'ዩ ንተግባር ኢሳያስን ህግደፍ ኣይንርእን ኢና እንዳበሉ መቕተሊ ኣሕዋቶም ገንዘብ ከዋጽኡ ይረኣዩ፡ ስለዚ ብልክዕ ንምቕማጥ ካብ ጎረቤትና ንነጻነትና ወይ ልዑላውነትና ስግኣት ዝኾኑና ሃገራት መንግስታትን ኣለው'ድዮም?

*ኢማም፡- ኣብ'ዚ ካብ'ቲ ዝገርም ፓስፖርት ናይ ኣመሪካ ናይ ኤውሮጳ ሒዞም ክቆርሱ ክምስሑ ብደሞክራሲ እንዳነበሩ ምስ ህግደፍ ደው ክብሉ፡ ህዝቢ ትሕቲ መሬት እንዳሰፈረ እንዳተቐጥቀጠ ይቀጥቀጥ ይተሓረድ ኢሎም ገዛለኒ ድኳን ኣለኒ ኢሎም ኣስመራ ክመላለሱ ክብሉ ደሞክራሲ ኣየድልን'ዩ ክብሉ ዝገርሙ'ዮም። ንሕና ገዛና ገዲፍና ደቅና ገዲፍና ንብረትና ገዲፍና በረኻ ወጺእና ተቓሊስና ነጻነት ኣምጺእና፡ እዚኣቶም ግን፡ ኣብ ኣመሪካን ኤውሮጳን እንዳነበሩ እሞ ምሁራት ኢና ዝብሉ ህዝቢ ክጭፍጨፍን ክሕረድን እንዳረኣዩ ንህግደፍ ምድጋፎም ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ። ምስ'ዚ ካብ'ቶም ናይ ቀደም ገዛእቲ ዘይሓይሽ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ባርነት ኣእትይዎ ዘሎ መንግስቲ ኣብ ጎኑ ደው ምባል ከም ኤርትራዊ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ'ዩ። ሎሚ ግን እቲ ኩነታት ይበስል'ዩ ዘሎ ይሓጽር'ዩ ዘሎ፡ ንቕሓት ናይ ህዝቢ እንዳወሰኸዩ ዝመጽእ ዘሎ ከም መርኣያ ናቱ ድማ እነህልካ ጉባኤ ገይርና ኣለና፡ ህግደፍ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይ ሃይማኖት ኣውራጃ ወገን ዝብል ድሑር ኣተሓሳስባታት ይበሊ ኣሎ ኮታ እቲ ጉዳይ ይውዳእ'ዩ ዘሎ ዝብል ርእይቶ ኣለኒ።*

*ሕቶ፡ ሕራይ፡ ንስኻ'ውን ትከታተሎ ትኸውን ኣንጻር ህግደፍ ምቅላስ ማለት ኣንጻር ኤርትራ ኣንጻር ነጻነታን ልዑላውነታን ምቅላስ'ዩ ንባዕዲ ኣሕሊፍካ ምሃባ ማለት'ዩ ዝብሉ ወገናት ኣለው፡ ምስኡ ተኣሳሲሩ እቶም ነቲ መንግስቲ ኣቚመሞ ዘለው ትካላት ማለት እቲ ዕጡቕ ክፍልታት እንዳ ዜናን ቁጠባን ካልኦትን ፈሪሱ'ዩ ክዕረ ዘለዎ በቲ ዝመጽእ ህዝባዊ መንግስቲ እንደገና ተሓጺቦም ተኾስኲሶም'ዮም ኣብ ትልክዕ መስመር ክኣትው ዘለዎም ንዝብል ላእ ክፈርሱ የብሎምን በቲ ዘለዎ'ዩ ክቕጽል ዘለዎ ምፍራስ ዝበሃል ኣይንቕበልን እዚኦም ኣሕዋትና'ዮም ሰራዊት ደርጊ ኣይኮኑን ኢሎም ዝከራኸሩ ኣለው ኣብ'ዚ ዘለካ ርእይቶ እንታይ'ዩ?*

*ኢማም፡ ከም'ዚ ዝብሉ ሰባት ብውሽጣዊ ስምዒቶም ዘይወድኡ ሰባት'ዮም፡ ህግደፍ ሓወልቲ ናይ ክርስትና ኣብ ማእከል ኣስመራ ዝተኸላ ዝመስሎም ክህልው'ዮም። እቲ ሓቂ ግን የደናግሮም ደኣዩ ዘሎ'ምበር ሓውልቲ ናይ ክርስትና ኣይተተኸለት ሓወልቲ ናይ ምስልምና'ውን ኣይተተኸለትን ስለዚ ልቢ ክገብሩ ጥራይ'ዩ ዘለዎም። እዚ ናይ ድሑር ወገነንት መግለጺ ካብ ምኳኑ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ዝወሃቦ ኣይኮነን። ዋህዮ እንታይ ድያ ትገብር ነይራ፡ ሎሚ ምሳይ ደው እንተዘይበልኩም ብደውኩም ከም ዝሞትኩም፡ ኣስላም ክሕዝዋ'ዮም እዳበለ ዘደናግሮ ዝነበረ ሓሶት ከም ዝኾነ ተረጋገጹ። እስላም'ሲ ከምኡ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣይነበሮምን። እቲ እንፈልጦ ናይ ብሓቂ ክንዛረብ እንተኾይና፡ ዓማ ሓራዲት ዓማ ቀታሊት ንበዓል ኪዳነ ወልዳይ ቀቲላቶም እንዳበለ፡ ዝህቦ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ገለ ወገናት ናይ ኣስላምን ናይ ክርስትያንን ግርጭት ከም ዘሎ ገይሮም ዝግምቱ ነይሮም'ዮም። እቲ ንነጻነት ዝተኻየደ ቃልስን ዝተኸፈለ መስዋእትን ፍትሓውን ሓቀኛን ስለ ዝነበረ ግን ተዓዊቱ። እዞም ሎሚ ንህግደፍ ደስ ዝበሎ ይግበር ኣይትተንከፍዎ ዝብሉ ዘለው ድሑርን ወገናውን ኣዘራርባ'ዩ። ኣብ'ዚ ክርድእዎ ዘለዎም ግን ህዝቢ ኤርትራ ዝገደሎ መሰል ደኣዩ ዝሓትት ዘሎ'ምበር ኣይምቀልን'ዩ ሓደ ናይ ሓባር ሃገራዊ ስምዒትን ሓላፍነት ዘለዎ ህዝቢ'ዩ። ውዒልኩም ሓዲርኩም ከኣ፡ ምስ ህግደፍ ደው ምባል ክሳራ ምኳኑ ብተግባር ክትሪኡ ኢኹም። ካብ'ዚ ዘለውኹሞ ክትወርዱ ኢኹም ብመጠን ገበናትኩም ከኣ ብህዝቢ ክትሕተቱ ኢኹም።*

*ሕቶ፡ ሕጂ ከም ውጽኢት እቲ መንግስቲ ፈጢርዎ ዘሎ ሕሰማት ብዙሓት ወገናት ወጽዓታቶም ብዝገልጽሉ መልክዕ ውደባታት ፈጢሮም ይቃለሱ ኣለው። ናይ ብሄር ወጽዓ ኣሎ ናይ ሃይማኖት ወጽዓ ኣሎ እዚ ከም ምልኪ ዘንቀሎ ወጽዓ መጠን ክንቅበሎ ድዩ ዘለና ወይስ ክንጻረሮ። ምኽንያቱ እዚ ትሕቲ ሃገራዊ ስምዒት'ዩ ሃገር ምብታን'ዩ፡ ናይ ደገ ተልእኾ ዘለዎ'ዩ ዝብልዎ ወገናት ህልዋት'ዮም። ስለዚ እዚ ኣረኣእያ'ዚ ከመይ'ዩ ክምከት ዘለዎ ከም ኣገንዝቦ"ከ ልክዕ ድዩ?*

ኢ.ማም፡- ወዲ-ሰብ መጀመርያ ካብ ገዛኡ ክወጽእ እንከሎ ነብሱን ስድርኡን ወኪሉ'ዩ ዝወጽእ። ቀጺሉ ድማ ከባቢኡን ቀቢላኡን እኳ'ዩ ዝፈልጥን ዝውክልን። ስለዚ እቲ መሰል ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ክኽበር ኣለዎ ክበሃል እንከሎ ንሱ'ዩ እቲ ሓቂ። ምኽንያቱ፡ ጨቋንን ተጨቆናን ዘይብሉ መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቱ ተኸቢሩ ሓቢሩን ተኸባቢሩን ክነብር ዘኽእሎ እዚ መሰል'ዚ ምስ ዝረጋገጸሉ'ዩ። ንሕና ድማ ነዚ ግብራዊ ንምግባር ኢ.ና ንቃለስ ዘለና። ማንም ኤርትራዊ ዓቢ ጉጅለ ይኹን ንኡሽቶ ጉጅለ ወይ ድማ ብሄር ይኹን ብሄረ-ሰብ ካብኡ ዝተሓተ ማሕበራዊ ጉጅለ'ውን ይኹን ብዘይ ዝኾነ ምሽምቓቕ መሰሉ ተሓልይሉ ክነብር ኣብ ጉዳዩ ባዕሉ ወሳኒ ክኸውን ንምግባር ኢ.ና ንቃለስ ዘለና። እዚ ህግደፍን መገባርያታቱን ካልኦት ናይ ባህሪ ተደናገጽቱን ኮነ ኢ.ሎም ዝነዝሕዎ ዘለው ዘኽይድ ኣይኮነን። ንሓደ ብሄር ብንስኻ ትደልዮ ብሄር ገይርካ ኣይትስይሞን ኢ.ኻ። ንኣብነት ኣነ እንተደኣ ኢ.ማም ኮይነሲ ኣነ ባዕለየ ዝስይማ 'ምበር ካልእ ኣይስይመንን'ዩ፡ እንተደለየ'ውን ከምኡ ክገብር መሰል የብሉን። እዚ ኣነ ይፈልጠልካ ዓይነት ኣካይዳ ብጣዕሚ ዘሕፍር'ዩ። ኣብ'ዚ ኣብ ሃዋሳ ኢ.ትዮጵያ ዝተኻየደ ጉባኤ ተሳቲፉ ዝነበረ መሰል ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ክሕሎ ከም ዘለዎ ኣሚኑ'ዩ ዝካታዕ ነይሩ፡ እዚ ከኣዩ መሰረት ናይ ደሞክራሲ።

ሕቶ፡ እወ'ሞ እዚ ብትሕቲ ሃገርነት የቑጽሮ'ዶ? እዚ ሕቶ መሰል ደይኮነን፡ ነቶም ብትሕቲ ሃገርነት ዝገልጽዎ እንታዩ መልስኻ?

ኢ.ማም፡ ህግደፍን ሰዓብቱን እቲ ንዕኦም ዝጥዕሞም'ዮም ክገብሩን ክብሉን ጸኒሖም። እቲ ንዓና ዝጥዕመና ድማ መሰል ናይ ዜጋታት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን መሰል ምሉእ ህዝቢ. ኤርትራ ኢ.ና ነኽብር፡ ምኽንያቱ ደሞክራስያዊ ሕቶ ስለ ዝኾነ። እቶም ዘቆናጽቡ ሰባት ግን ንህዝቢ. ክገዝእሉ ዝኽእሉ ክጭፍልቕሉ ዝኽእሉ ባይታ ፈጢ.ሮም ኣብ ስልጣን ከም ዝቕጽሉ ኣሚ.ኖም'ዮም ከምኡ ዝብሉ ዘለው። ናይ ህግደፍ ስራሕ ከኣ'ዩ። ህግደፍን መጋበርያታቱን ንጠቕሞም'ዮም ከምኡ ዝብሉ ዘለው፡ እንተኾነ ግን ግዝይኡ ኣብቂዑ'ዩ። ስለዚ ህግደፍ ክኸይድ እንከሎ ንሱ ዝግልገለሉ ዝነበረ ሕግታቱን ትካላቱ ድማ ሽዑ ንሽዑ ናብ ጎሓፍ ይድርበ። እቲ እዚ ነካይዶ ዘለና ህዝባዊ ቃልሲ. ግን መሰል ወዲ ኣዳም ጥራሕ ዘይኮነሲ. መሰል ናይ እንስሳ'ውን ከኽብር'ዩ።

ሕቶ፡ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ. ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሓይሊ. እንዳደለበ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። ንኣብነት ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመት ቅድሚኡ ካብ ዝነበረ ብዙሓት ውድባት ዝተሳተፉሉ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ዝበሃል ሰፊሕ ግንባር ነይሩ። ቀጺሉ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን መጺኡ፡ ድሕርቲ ኣብ 2010 ዝተኻየደ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ. ምክያዱ ድማ እነሆ ከባቢ. 600 ዝኾኑ ሰባት ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ጉባኤ ጸንቢ.ልና። በዚ ኣቢ.ልና እንታይ ዓወታት ክንሓፍስ ኢ.ና ኢ.ልካ ትሪኢ፡ ኣብ'ቲ ጉባኤ ተሳቲፍካ ብምንባርካ ምልኣት ናይ ሕብረተሰብ ከመይ ነይሩ?

ኢ.ማም፡ እቲ ዝገርም ነገር ካብ'ቲ ሓደ ዘሐጎሰኒ ካብ ዝተፈላለያ ኩርነዓት ዝመጸ 600 ሰብ ኣስታት ን20 ዓመት ዛሕቲሉ ዝነበረ ቃልስና ሎሚ ተራኺ.ቡ ብዛዕባ ጸገም ህዝቡን መፍትሒ.ኡን ብህድኣት ክዛተ ምብቅዑ ኣዝዩ ካብ ዝገርመኒ'ዩ። ብሓጺሩ ሎሚ ፖለቲካዊ ንቕሓት ናይ ህዝቢ. ኤርትራ ሓፍ ከም ዝበለ'ዩ ዘመልክት። ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ዘተ ጉዳዩ ኣብ ትሕቲ ጠረጴዛ ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ. ጠረጴዛ ገይሩ ኣነን ንስኻን እንታይ ይፈልየና ንሕናን ንስኻትኩምን እንታይ ይፈልየና ኣነን ንስኻ እንታይ ይግበኣና እንታይ እንተገበርና'ኸ ይሓይሸና እሞ ብመሰላት ብደሞክራስያዊ መልክዕ ዘይተሰማማዕናሉ ነገር ብድምጺ እንዳሕለፍና ዓቢ. ዓወት ዘርኣናሉ ዋዕላን ጉባኤን ለብዘበን'ዩ።

ሕቶ፡ ጉባኤና ከም'ቲ ዝገለጽካዮ ዕወት ነይሩ ናይ ኩሉ ሕብረተ-ሰብኣዊ ምልኣት ዘሳተፈ'ዩ ነይሩ። እዚ ብዓወት ዝተጸንበለ ጉባኤ'ዚ ኣብ ግብሪ ንምትርጓሙ እንታይ ክንገብር ኣለና ትብል ካብ ነብስኻ ጀሚርካ?

ኢማም፡ ነቲ ውጹዕ ህዝቢ ዝያዳ ቆላሕታ ክወሃቦ ኣለዎ። ነቲ ህግደፍ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሪእዎ ዘሎ እሾኽ ድማ ኣሪና ክነውጽኦ ኣለና። ንሕና ስቕ ኢልና ኣይኮናን ናይ 50 ናይ ቃልሲ ተመክሮ ዘለና ህዝቢ ኢና። ስለዚ ኩሉ ደላዪ ለውጢ ንዘለዎ ፍልልያት እንዳጽበበ፡ ብሓደ ተኣሳሲሩ ክኸይድ ከም ዘለዎ ነቲ ፍልልያት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ከመሓድሮ ቅሩብነት ክህልዎ ኣለዎ። ንጽህና እንተዘይሃልዩ ጸገም ከም ዘሎ ክንፈልጥ ኣለና። ኩሉ ግዜ ክንዛተ እንከለና ኣብ ልዕሊ ጠረጴዛ ደኣምበር ትሕቲ ጠረጴዛ ዝበሃል ክህሉ የብሉን። ነዚ ኣሚኑ ንሰላም ንደሞክራስን ደሞክራስያዊ መሰላትን ንፍትሕን ሰጢሙ ክሰርሓሉ ኣለዎ እዚ ናይ ኩሉ ግዱስ ሓላፍነት'ዩ። ዝተማህረ ይኹን ዘይተማህረ ይኹን ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ይኹን ሎሚ ፍትሕን ደሞክራስን የድልዮ ከም ዘሎ ከረጋግጽ ኣለዎ።

ሕቶ፡- ኣብ'ቲ ጉባኤ ዝተዓዘብክዎ ሓደ ነገር ነይሩ ጀበርቲ ካብ ሎሚ ጀሚርና ብሄር ኢና ዝብል ንስኻ ኣብ'ዚ እንታይ ርእይቶ ኣለካ?

ኢማም፡- ኣነ ነዚ ዝገልጾ ህዝብና'ውን ክፈልጥ ስለ ዘለዎ ብሄረ ጀበርቲ 1400 ዓመት ዘለዎ ስም'ዩ። እዚ ከኣ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን መረዳእታን ኣለዎ። ብመልክዕ ጽሑፍ ብመልክዕ ስእሊ ብኹሉ መረጋገጺ ዘለዎ ህዝቢ'ዩ። ሎሚ ሓደ ብድድ ኢሉ ንዕኡ መታን ክጥዕሞ ብሄረ ትግርኛ ኢኹም ብሄረ ጀበርቲ ኣይኮንኩምን ኢሉ መሰል ናይ ሓደ ህዝቢ ክግህስ ኣይክእልን'ዩ። ኣነ ኣነየ ባዕለይ ዘረጋግጾ መንነተይ ካልእ ማንም ሰብ ከረጋግጸለይ ኣይክእልን'ዩ። ብዙሓት ሰባት'ዮም ተጋግዮም፡ ንሕና ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ቃልሲ ዝነበረና ግደ መጀመርያ ክቡር ዓብደል ቃድር ከቢረ ዝኸፈልና ህዝቢ ኢና። ከምኡ'ውን ንመጀመርያ ራቢጣል እስላምያ ዝበሃል ሰልፊ መስሪትና ነጻነት ኢልና ደው ዝበልና ህዝቢ ኢና። ምሳና ኮይኑ ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝበለ ድማ ብራእሲ ተሰማ ዝምራሕ ምንቅስቓስ'ዩ። ክልተና መንገዲ ነጻነት ዝሓንጸጽና ህዝቢ ኢና። ታሪኽና ዝኾነ ሰብ ክድምስሶ ኣይክእልን'ዩ። ብዝኾነ ንሕና ካብ ኣርበዓታት ጀሚርና ንነጻነት ተቓሊስናን ኣቃሊስናን ኢና ግቡእና ፈጺምና ኢና፡ ሕጂ ከኣ ናይ ገዛእ ርእስና ሓያል ዝኾነ ሕብረትን ጥምረትን ኣለና። ነዚ ከኣ፡ ጀበርቲ ብምኳና ኣይኮነን ብቐዳምነት ንሰላም ንደሞክራስን ፍትሕን ከም ዕማምና ወሲድና ንሰርሓሉ ጉዳይ ስለ ዝኾነ'ውን እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ድማ ብክልተ ወገን ዓቢ ተራ ዘለና ህዝቢ ኢና በቲ ሓደ ወገን ምስ ክርስትያን ኣሕዋትና ብሓባር ንነብር፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ምስ ደቂ መታሕት ኣሕዋትና ብምኳን ኣብ መንጎ ናይ ሰላምን ህዝቢ ኮይና ኢና ንርከብ ኩሉ ግዜ፡ ታሪኽና እዚ'ዩ። ኣቦታታና'ውን ነዚ'ዮም ዘምሃሩና። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ብፍቶቱ ኣስሚርና ተጠሚርና ክንከይድ ኢና። ንሕና ንመሰል ብሄራትን ብሄረ ሰባትን ክንቃለስ ኢና ብስምና ድማ ኢና ንጽዋዕ ብካልእ ስም ኣይንጽዋዕን ኢና። ንሕና ናይ ምስልምና ጸገም የብልና ናይ ክርስትና ጸገም የብልና መሰል ጥራሕ ኢና ንብል ዘለና። ነዚ ህዝቢ ክፈልጦ ድማ ክንሰርሕ ኢና። ፍልልይ ናይ ምስልምናን ክርስትናን 10% 'ዩ። 90% ግን ንክልቲኦም ብሓባር ዘስርሕ'ዩ። ኣብ'ዚ ዓለም ንእሽቶ ኣብ ዝኾነትሉ ወቕቲ ሓቢሮም ናይ ሞራል ስራሕ ክሰርሑ'ዮም። ኣብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ ዝፈላልየና ጉዳያት ብዘተ ኮፍ ኢልና ኢና ክንሪኦ ዘለና፡ በቲ ናይ ቀዳም ኣተሓሳስባ ምኻይድ ኣይሰርሕን'ዩ።

ሕቶ፡ ቃለ-ማሕተትና ናብ ምውዳእ ገጽና ኢና ንኸይድ ዘለና'ሞ ናብ መናእሰያት ኣመልኪትካ እንታይ ትብሎ ነገር ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ጉባኤ ብዙሓት መንእሰያት ተሳቲፎን ነይሮም ኣብ

ደገ ዝገብርዎ ዘለው ንጥፈታት'ውን እንዳሓየሉ'ዮም ዝመጹ ዘለው፡ እዚ ድማ'ዩ ሕማም ርእሲ ዝኾኖ ዘሎ ነቲ መንግስቲ'ሞ ብወገንካ እንታይ ክትብሎም ትኽእል?

ኢ.ማም፡ ኣነ ክብሎ ዝደሊ መንእሰያት፡ ብዙሕ ወቐሳ'ዩ ዘለዎም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ንሳቶም ድሕሪት ተሪፎም ምንም ነገር ኣይሰርሑን ዝብል ሕሜታ ኣሎ። ምኽንያቱ፡ እቲ ብመስከረም 11 2001 ዝመጸ ኣኽራሪ ምስልምና ንዕኡ ደጋፊ ኮይኑ'ዩ መጺኡ። ህግደፍ ንዓኣ ደቢሉላ'ዩ ተጠቒሙላ ተሓቢኡላ'ዩ። ኣነ ኣንጻር ኣኽረርቲ'የ እንዳበለ መዝሚዝዎ'ዩ ስለዚ ድማ ኣብ'ቲ ቃልሲ ናቱ ምድኻማት ፈጢሩ'ዩ። ካብ 1961 ጀሚሮም ዝቃለሱ ዝነበሩ ሓርበኛታት ኣብ'ዚ ጉባኤ ነይሮም። ስለዚ ኣነ ንመንእሰያት ክብሎም ዝደሊ ሃገር ብዘይመንእሰያት ኣይትልወጥን'ያ እዛ ሃገር ናትኩም'ያ ከም'ቲ ንሕና ተቓሊስና ነጻነት ኣምጺእና ደው ዘበልናኩም ንስኻትኩም ከኣ ሓርነት ኣምጽኡ። ንሕና ኣብ ጎኒኹም ኣለና፡ ስነ-ስርዓት ዘለዎ ኣካይዳን ኣዘራርባን ኢያይ ኣቦይ እንዳበልኩም ምጹ ንሕና ከኣ ሓንጎፋይ ኢልና ክንቅበለኩም ኢና ነዚ ናይ ህግደፍ ጠባያት ከም እሾኽ ነቒስኩም ካብ ኣእምሮኹም ኣውጽእዎ። ኣይትፍርሑ ወዲ-ሰብ ንመሰሉ ኣይፈርሕን'ዩ።

ሕቶ፡ ኣብ ታንዛኒያ ይነብር ኣለኹ ኢልካኒ ኔርካ ኣብ ታንዛኒያ ኤርትራውያን ይነበሩ'ዮም ዝብል ብዙሕ ኣይግመትንዩ'ሞ ክንደይ ትኾኑ ኤርትራውያን ኣለኹም ማሕበራዊ ሂወትኩም'ከ እንታይ ይመስል?

ኢ.ማም፡ ብዙሓት ኤርትራውያን የለውን ምናልባት ካብ 10 ክሳብ 15 ክንከውን ንኽእል መብዛሕቲኡ ድማ ነጋዳይ'ዩ። ታንዛኒያ ሰላም'ዩ ጥዑም ህዝብን መንግስትን ዘለዎ'ዩ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ኣለወን ካብ ዝበሃላ ሃገራት ሓንቲ ታንዛኒያ'ያ ክብል እደፍር ሰባት ደስ ኢልዎም'ዮም ዝነብሩ፡ እንተኾነ ግን ክንዲ ዝኾነ ደስ ኢልኳ ንበር ብዘይዓድኻ ዓዲ ኣይኾነካን'ዩ፡ ዓድኻ ጥራሕ'ዩ ዓድኻ፡ ዋላ ገነት'ያ እዚኣ እንተኢለሙኻሲ ኣይፋልኩምን ኣብ ዓደይ ገነት ግበሩለይ ኢኻ ትብል። ስለዚ ዘይዓድኻ ዓዲ ኣይኾነካን'ዩ።

ሕቶ፡ ሕራይ ኣብ መወዳእታ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያን ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዞም ነዚ እነካያዶ ዘለን ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ እናደገፍዎ መጺኦም'ዮም፡ ንታሪኻዊ ጉባኤና ድማ ምስኩሉ ምቅሉል ኣቀራርብኡ ኣተኣናጊደሞ ኣለው፡ ብወገንካ ኣብ ዝምድና ናይ ክልቲኦም ህዝብታት እንታይ ይፈጥር ትብል?

ኢ.ማም፡ ንሕና ሓቢርና ዝተቓለስናን ዝተዓወትናን ናይ ሓባር ታሪኽ ድማ ዘለና ህዝብታት ኢና። ወያነ ንነጻነትና ተሰዊኡ ንሕና ድማ ኣብ ዘካይድዎ ዝነበሩ ሓርነታዊ ቃልሲ ተሰዊእና ኢና፡ ንሕና ከም ህዝቢ ድማ ናብ'ዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ተረጋጊጹ ዘሎ ሰላም ደሞክራስን ልምዓትን ኢና ንግስግስ ነይርና፡ ግን ተዓንቂፍና ኣለና። ኢትዮጵያ ተመዝግቦ ንዘላ ገስጋስ ግን ብልቢ ዮሃና እንቋዕ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጻሕኩም ክብሎም እደሊ። ንሕና ካብ ሰማይ ኣይመጻእናን ኣብ ሰማይ ኣይተፈጠርናን ኤርትራዊ ትግረዋይ ዘይኮነ፡ ትግረዋይ ኤርትራዊ ዘይኮነ ብዘርኢ ብታሪኽ ሓሶት። ህግደፍን መሰልቱን ዘካይድዎ ዘለዎ ኣብ ድሕረት ዝተመስረተ፡ ፖለቲካዊ ጽልኢ ዘይኮነስ ተራ ጽልኢ ንምፍጣር ዝዓለ'ዩ። ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣስላማይ ክርስትያና ኣውራጃን ወገንን እንዳበሉ ክነዝሕዎ ዝጸንሑን ዘለው መርዝታት፡ እዚ ትግረዋይ'ዩ ዓጋመ'ዩ እንዳበለ ዝሰርሓሉ ዘሎ ንከታተሎ ኣለና ኢና። እዚ ንበሃሊኡ ዝምልከት ኮይኑ ሰማዒ ዘይብሉ ደርፊ እናኾነ'ዩ ድማ ዝኸይድ ዘሎ። ጽባሕ ንግሆ ክንተሓሳሰቦ ኢና። ኢትዮጵያ ክትገብሮ ዝጸንሐትን ዘለና ድማ ኣሕዋት ስለ ዝኾነ ኣብ ሰላም ተረባሒቲ ስለ ዝኾና ዝግበር ዘሎ'ዩ። ደጊመ ነቲ ዘረጋገጽዎ ምዕባለ ዮሃና እንዳበልኩ፡ ንሰላም ንደሞክራሲ ንልምዓት ሰጢምና ክንቃለስ ኢና።

ኢ.ማም ጀበርቲ ንስለ'ቲ ዝሃብካኒ ሃናጺ ሓሳባት ብስም ሰማዕቲ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራን ብስመይን ከመስግነካ እፈቱ የቐንየለይ።

ኣነውን ብወገነይ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ሓሳባተይ ንኽካፍል ተገዲሳ ንዝሃበትኒ ዕድል የመስግን።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ